# ‘ኣጉዶና’

ኣጉዶና ኣጉዶ ኤርትራ፣

ክንደይ ግዜ ብሓዊ ሓሪራ፣

ካብ ግዝኣት ቱርኪ ክሳብ ግዝኣት ኣምሓራ።

ንሕና ክንሃንጻ ንሶም ሓዊ ክሩኩዑላ፣

ክንተኸላ ኢና ብትቻዓተ ባላ፣

ዝመጸ ይምጻእ ነቕ ከምዘየብላ።

ኣጉዶና ዝነበረት ካብ ጥንቲ፣

ዘዕበየት ብዙሓት ህጻውንቲ፣

ኮቶ ኣይትፈርስን’ያ ብተጻባእቲ።

ኣጉዶና ትመስሎም ትኸውን ንእሽቶይ ንጓና፣

ስለ ዝኣምኑ ብቕርጺ ዒቀና፣

ኣይፈለጡዎን ኣብ ውሽጣ ዘሎ ልቦና።

እንኳንዶ ሎሚ ደልዲልና ሰዊድና፣

ኣትሪርና ረጊጽና ብኸልተ እግርና፣

ቀደም’ውን ኣርኢና ኢና ተቛውሞና።

ኣጉዶና ንሕና ዋናታታ፣

ለይትን ማዓልትን ንሰርሕ ንድሕነታ፣

ካባና ሓሊፉ መንዩ ዝጥምታ።

ኣጉዶና ሕድሪ’ያ ዝመጸት ተወራሪሳ፣

ንሕና ዓጽመ ስጋኣ ትንፋሳ፣

ንዓኣ ንምህናጽ ረሃጽና ይፍሰሳ።

ንዓኣ ክንሑሉ ዝመሓልና፣

ሃይማኖት ይኹን ወገን ዘይፈልየና፣

ኣስላማይ ክስታናይ ሓንቲ'ያ ኣደና።

ንዓኣ ክንብል ብሓባር ደገ ዝወፈርና፣

ንድሕነታ ጸጸር ዝወሓጥና፣

መንዩ'ሞ ዝሓስብ ሎሚ ክፈላልየና።

ኣጉዶና ምእንታኺ ክይንጠላለም ዝመሓልና፣

ዓለም ዘደነቐ ውህደት ሓድነትና

ብጀካና የለን ዝፈልጦ ውሽጣዊ ሚስጢርና።

ግዜ ክይሓለፈ ገና ብቐትሩ፣

ኣኽላባት ይንብሑ ድቁስ ከበራብሩ፣

ኢዱ ክሕውስ ኣብ ወፍሪ ሃገሩ።

ጽባሕ ኣሎ ዝመጽእ ሕቶ፣

ዘይብሉ ምኽንያት ወይ ርእይቶ፣

እንታይ ኮን ይምልሱ ባዓል ዘራጊቶ።

ሕቶ ነቶም ኣጉዶና ክፍሩሱ ዝደናደኑ፣

ሓድነትና ክዘርጉ ዝፍትኑ፣

ምስ ጸላኢ ኮይኖም ዕርድና ክፍሩሱ ዝደናደኑ።

መንእሰይ ኤርትራ ኣብዘለኻ ሃሉ፣

ኣስተውዕለሎም ነዞም ዝኾብለሉ፣

ብስምካ ክይሸቅጡ ተማራመረሉ።

ሓሳብናን ግብርናን ኣብ ልምዓት።

ሞጎስ ንምክልኻል ሓይልታት ኤርትራ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።

ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።